ungdata | OSLOMET STORBYUNIVERSITETET VELFERDSFORSKNINGSINSTITUTTET NOVA

# ሓበሬታ ንመንእሰያትን ወለዲን/ኣለይቲን ብዛዕባ ዳህሳስ/ምርመራዊ መጽናዕቲ ኡንግዳታ

ኣብዚ ዓመት እዚ፣ ኣብተ ትቕመጡሉ ምምሕዳር/ዞባ ዘለዉ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርትታት, ናይ ኡንጉዳታ ዳህሳስ ክካየድ እዩ። እቲ ዳህሳስ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ኣብ ጽድያ ክፋል ዓመት ክካየድ እዩ። ዕላማ እዚ ዳህሳስ፣ መንእሰያት ከመይ ይስምዖም ከም ዘሎን፡ ኣብ ናይ ነጻ ግዜኦም እንታይ ይገብሩ ብቑዕ ስእሊ ንምርካብ እዩ።

## ዕላማ ናይቲ ዳህሳስ/ምርምራዊ መጽናዕቲ

- ንመንእሰያት፣ ኣብዚ እዋን እዚ ምዕባይ፣ ከመይ ከም ዝመስል፣ ንከባብያዊ ፖሎቲከኛታትን ናይ መንግስቲ ሓለፍትን ዝገልጽሉ ዕድል ንምፍጣር እዩ።
- መንእሰያት ዝዓብዩሉ ዘለዉ ኩነታት ንምምሕያሽ፣ ኣብ ስራሕ ምምሕዳርን ዞባን፣ ክውዕል ዝኽእል ፍልጠት ምሃብ።
- ብዛዕባ ኩነታት ዕብየት መንእሰያት ኣብ ምምሕዳራትን/ከባቢን ከምኡ'ውን ሃገር ብዓቢኡን ምስ ግዜ ዝያዳ ኣፍልጦ ንምርካብ ብመንገዲ ዳህሳስ ዳታ መጽናዕቲ ምርካብ።

## ኣብዚ ዳህሳስ ኡንጉዳታ፣ እንታይ ኢና ንሓትት፧

- ኣዕሩኽቲ፣ ናይ ዕረፍቲ ግዜን ናይ ሜድያ ኣጠቓቕማን
- ስድራ ቤት፣ ቤት ትምህርትን ኩነታት ከባቢን
- ናይ ጥዕና፣ ጽቡቕ-ህላዌን ዓይነት ሂወትን
- ምድሃል፣ ባእሲን ምግፋዕን
- ምጥሓስ መምርሒ፣ ዕጸፋርስ/ኣልኮል ምጥቃም
- ጾታ፣ ደረጃ ትምህርት/ klassetrinn ትኸዶ ዘለኻን ድሕረ-ባይታ ስድራቤትካን (ንኣብነት ድሕረ ባይታ ሃገር/ብሄር፣ ኩነታት መንበሪ ቤትኩምን ደረጃ ትምህርቲ ወለድኻን)

## ዳህሳስ ኡንግዳታ ብኸመይ'ዩ ዝካየድ፧

- ነቲ መጽናዕታዊ ሕቶታት ንምምላስ ሓደ ናይ ትምህርቲ ክፍለ ግዜ (ሰዓት) ተታሒዙ ኣሎ፣ ሓደ ተዓዛቢ ሰብ ከኣ ኣብኡ ክህሉ እዩ።
- እቲ ዳህሳስ/ መጽናዕታዊ ሕቶታት ብኤሌክትሮኒካዊ መንገዲ ኣብ መመለሲ ገጽ ኡንግዳታ ብናይ ሓደ ግዜ ብሃውሪ ዝውሃበካ መሕለፊ ኮድ (ፓስዎርድ) ጌርካ ብምእታው ይምለስ።
- ተመሃሮ፣ ካብ ዝወሃብ ምርጫ፣ መልሶም፣ ብናይ ጭሕጋር ምልክት ይምልሱ።
- ኣብቲ መሕተቲ ቅጺ ዘለዉ ሕቶታትን መልስን ብድምጺ ክንበበልካ ይከኣል እዩ። እዚ ክትግበር እንተ ኾይኑ ግን፡ መስምዒ እዝኒ ክትጥቀም ግድን'ዩ።

## ምስታፍ ብድልየት'ዩ

- መንእሰያት ክሳተፉ ወይ ከይሳተፉ ዝውስኑ ባዕላቶም እዮም።
- እቶም ተኻፈልቲ፣ ነቲ ክምልስዎ ዘይደልዩ ሕቶ ክሰግርዎ ይኽእሉ እዮም። እንተደልዮም'ውን ምምላስ ድሕሪ ምጅማር ኣብ መንን ከቛርጽዎ ይኽእሉ እዮም።
- ወለዲ/ኣለይቲ መንእሰያት ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም፡ ውላድኩም ኣብዚ ዳሃስሳ ንከይሳተፍ ዕቃቤኹም ክትገልጹ ትኽእሉ ኢኹም። እንተደኣ ውላድኩም ክሳተፍ ዘይትደልዩ ኬንኩም ግና እቲ መጽናዕታዊ ምርምር ቅድሚ ምጅማሩ ንናይ ክፍሊ መምህሩ ወይ ንቤት ትምህርቲ መልእኽቲ ሃቡ። ወለዲ/ኣለይቲ ምስ ኮሮስ/KORUS ተራኺብኩም እቲ ቅጥዒ ዳሃሳስ ክስደደልኩም ይከኣል እዩ።

## ስትረት ግላዊ ሓበሬታ

- ኩሉ ናይ ተሳተፍቲ መልሲ ብስቱር ክተሓዝ'ዩ። እቲ ዝተኣከበ ውጽኢት መጽናዕቲ ምስ ተሓተመ ዝኾነ ተኻፋሊ ውልቀ-ሰብ ክልለ ዝከኣል ኣይኮነን።
- ውልቃዊ ሓበሬታ ኣብ ውሑስ ቦታ ክቕመጥ እዩ፣ ክርእይዎ ፍቓድ ዘለዎም ዝተወሰኑ ሰባት ጥራይ እዮም። እቲ መጽናዕቲ ካብ ዝዛዘም ሓሙሽተ ዓመት ድሕሪ ምሕላፉ፡ ንቀጻሊ ስራሕ ምርምርን ምዕባለን ክውዕል እቲ ዝተኣከበ ዳታ ሽም ኣልቦ ተጌሩ ኣብ ማህደር መዝገብ ይቕመጥ።
- ተሳተፍቲ ብዛዕባኦም እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ዳታ ከምዝተመዝገበ ንምርኣይ ንኽሓቱ መሰል ኣለዎም፣ ከምኡ'ውን ምእራምን ምድምሳስን ክገብሩ ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። ግን ኣስማት ወይ ካልእ ቀጥታዊ ውልቃዊ ሓበሬታ ስለዘይእከብ፡ እዚ መሰላት ክትግበር ዝኽእለሉ ዕድል ጸቢብ እዩ። ተሳተፍቲ ናብ በዓል መዚ ሓለዋ መረዳእታ ኖርወይ ተቓውሞኦም ናይ ምግላጽን ጥርዓን ናይ ምቕራብን መሰል ኣለዎም።
- ኣተኣላልያ ናይዚ ውልቃዊ ሓበሬታ ዘፍቅድ ሕጋዊ መሰረት፣ ኡንግዳታ ኣገደስቲ ሕብረተሰባዊ ረብሓታት ዝሓዘለ ኮይኑ እቲ ዕላማ ድማ ምርምር ምዃኑን እዩ።
- ኣገልግሎት ስትረት ውልቃዊ ሓበሬታ Sikt (personverntjenester@sikt.no) ነቲ መስርሕ ውልቃዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምርኣይ፣ እቲ መስርሕ ብመሰረት ሕጊ ውልቃዊ ሓበሬታ ይትግበር ከም ዘሎ ገምጊሙ እዩ።
- [ብዛዕባ ስትረት ውልቃዊ ሓበሬታን ስነምግባር ምርምርን ኣብ ኡንግዳታ መርበብ ሓበሬታ ኣንበብ](www.ungdata.no/personvern/) www.ungdata.no/personvern/

## ናይ ምድላው ስጉምቲታት

ኣገልግሎት ጥዕና ቤት ትምህርቲ፣ ድሕሪ እቲ ዳህሳስ ምክያዱ ክዘራረቡ/ምክትታል ዘድልዮም ተመሃሮ፣ ክዛራርብ ተዳልዩ ክጸንሕ`ዩ።

## ንኡንግዳታ ዳህሳስ ሓላፍነት ዘለዎ መን 'ዩ

እቲ መጽናዕቲ ብተልእኾ ምምሕዳር ከተማ፣ ብኖቫ (ማሕበራዊ ምርምር ኖርወይ) ዝተባህለ፣ ኣብ ኦስሎመት- ኦስሎ ሜትሮ ፖሊታን ዩኒቨርስቲን ዞባዊ ማእከል ኣብ መጽናዕቲ ዓውዲ ወልፊታት (መስተን ዕጸፋርስ ዝኣመሰሉ) **KORUS** ዝካየድ እዩ።

## ርክብ ሓበሬታ

**ብዛዕባ ስትረት ግላዊ ሓበሬታ**

ንሓላፊ ፕሮጀክት ኖቫ ተወከሱ UNGDATA@OSLOMET.NO

ከምኡውን ምስ ፐርሶናልቨርነኦምቡድ ኣብ ኦስሎመት ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም። **PERSONVERNOMBUD@OSLOMET.NO**.

ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኡንግዳታ ክትረኽቡ ትኽእሉ። http://www.ungdata.no/informasjon-til-ungdom-og-foresatte/

**ብዛዕባ እቲ መጽናዕቲ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ቤት ትምህርቲ ወይ ናይ ዞባኹም ኮሮስ/KORUS ተወከሱ።**